# ዘወረደ - ፩

## ፩) ዘወረደ

ኣብ ውሽጢ እዚ ዓቢ ጾም ተባሂሉ ዝጽወም ናይ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ጾም፥ ብጠቕላል ፰ተ ሰናብቲ ኣለዋ። ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ከኣ በዚ ስያመ እዚ ኣቐሚጣተን ኣላ።

፩) ዘወረደ

፪) ቅድስት

፫) ምኲራብ

፬) መጻጉዕ

፭) ደብረ ዘይት

፮) ገብርኄር

፯) ኒቆዲሞስ

፰) ሆሳዕና

ካብተን ሸመንተ ሰናብቲ ናይ ዓቢይ ጾም እታ ቀዳመይቲ ሰንበት "ዘወረደ" ብዝብል ስያመ ትጽዋዕ። ዘወረደ ዝብል ቃል "ዝወረደ" ዝብል ትርጉም ዝሓዘ ኢዩ። መን ኢዩ ዝወረደ፡ ስለምንታይከ ወረደ፡ ምስ ወረደስ እንታይ ተፈጸመ፡ ዝብሉን ካልኦትን ምስ ነገረ ድሕነት ተተሓሒዞም ዝኸዱ ነገራት ዝንገረሎም ቅንያት ኢዩ። መድሓኒዓለም ኢየሱስ ክርስቶስ ንዝወደቐ ኣዳም ካብ ውድቀቱ ኣተንሲኡ ንዝረኸሰ ቀዲሱ ናብ ዝነበሮ ቅድስት ስፍራ ገነት ንምምላስ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ተወልደ። ቅዱስ መጽሓፍ ከም ዝነግረና ቅዱሳን ኣቦታት ከም ዝመስከርዎ እቲ ሓይል ኣምላኽ ምእንቲ ፍቕሪ ኣዳም ክብል ካብ ልዕልና ናብ ትሕትና ወረደ። ልዑል ባህሪይ ኣምላኽ ምስቲ ዝፈጠሮ ስጋ ተወሃሃደ።

ካብ ሰማያት፥ ካብ ሓድነት ኣብኡ ከይተፈልየ ወረደ፥ ንሱ ድማ ቅድሚ ምፍጣር ዓለም ምስ እግዚኣብሔር ኣብ፥ ህልዌ ኮይኑ ዝነብር እዩ፥ ካብ ኲሎም ኣብ ሰማይት ዝነብሩ መላእኽቱ ተሠዊሩ ድማ ኣብ ማሕጸን ድንግል ተጠንሰ። እቲ ዘይምርመርን ዘይልወጥን ቃል፥ ዝጠፍእን ዝበርስን ስጋ ለበሰ። ስለዚ ድማ ነቲ በራሲ ስጋ ዘይበርስ ገበሮ። ምእንቲ እዚ ከኣ በቲ ዝተዋሃዶ፥ ብሥጋ

መዋቲ ኣዳም ተራእየ። ንሱ ክርስቶስ ሰብ እኳ እንተኾነ፣ ክርስቶስ ወዲ እግዚአብሔር እዩ። ካብ ኣዳም ድማ መዋቲ ሥጋ ለበሰ። ንሱ ቀዳማዊ ክንሱ ብሥጋ ሰብ ንኽውለድ ዝመጸ እዩ። ንሱ፣ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ እዩ። ኣቐዲሙ ብነብያት ዝተፈልጠ፣ ብሓዋርያት ከኣ ዝተሰብከ እዩ። ኲሎም ደቂ ሰብ ድማ ብእኡ ይኣመኑ። ንሱ ብእግዚአብሔር ኣቦ ዝተመስከረሉ እዩ። ብመላእክቲ ድማ ዝተመስገነ እዩ።[1] እቲ ኣብ ዝተወልደ ቃል እግዚአብሔር፣ ምስ ኣቦን መንፈስ ቅዱስን ማዕረ ክንሱ፣ ብመለኮቱ ምውራድ ዘይብሉ፣ ብፍቓዱ ትሕት ኢሉ መልክዕ ባርያ ብምውሳድ ሰብ ኮነ። ኣታ ሰብ እቲ ሥጋ ዘይነበሮ ሰብ ዝኾነ ቃል ምእንታኽእ ሥጋ ተዋሃደ፣ ብመለኮቱ ዘይድህሰስ ምእንታኻ ተዳህሰሰ። ኣታ ሰብ፣ እቲ ብመለኮቱ ጥንቲ ዘይብሉ ፍጹም ሥጋ ለበሰ። እቲ ዘይርአ ዝነበረ ዚርአ ሥጋ ለበሰ። እጢ ዘይልወጥ ዝነበረ ብዚልወጥ ሥጋ ተዳህሰሰ። ንሥጋ ድማ ዘይልወጥ ገበሮ። ኣብ ቤት ሌዊ ሓደረ። እቲ ንሰማይ ብደመና ዝጥቕልል፣ በጭርቕቲ ተጠቕለለ።፣ እቲ ንጉሥ ነገሥታት ኣብ መብልዒ ማል ተወልደ።[2]

ብባህርይ ሰብ፣ ሰብ ዝኾነ ካብ ኣብ ዝተወልደ፣ ካብ ኣምላኽ ዝኾነ ኣምላኽ፣ ንጉሥ ዘለኣለም ንሱ እዩ። እዚ እቲ ንኖህ ዝሓለዎ፣ ንኣብርሃም ዝመርሐ፣ ምስ ይስሓቅ ዝተኣስረ፣ ምስ ያዕቆብ ጋሻ ዝኾነ፣ ምስ ዮሴፍ ዝተሸጠ እዩ። ንህዝቢ እስራኤል ምስ ሙሴ ዝመርሖም፣ ሕጊ እውን ዝሓገገሎም፣ ንኢያሱ ርስቲ ዝሃቦ፣ ንደቂ እስራኤል ከኣ ምስኡ ርስቲ ዘውረሶም እዩ። ኣብ ዳዊት ሓዲሩ ዝዘመረ፣ ኣብ ነቢያት ሕእዲሩ ከኣ ንዝህቡ ዝመሃረ እዩ። ካብ ቅድስት ድንግል′ውን ሰብ ኮይኑ ዝተወልደ ንሱ እዩ። ኣብ ቤተልሔም ተወልደ፣ በጭርቕቲ′ውን ተጠቕለለ ኣብ መብልዒ ማል ደቀሰ፣ ጓሦት ርኣይዎ፣ መላእኽቲ′ውን ኣመስግንዎ፣ ሰብ ጥበብ′ውን ሰገድሉ። ዮሓንስ

[1]እልመስጦአግያ3;6,1013,15-17

[2] ዘአጢፎስ8-2-5

ገለጾ፥ ኣብ ምድረ በዳ ተፈተነ፥ እግዚኣብሔር ምዃኑ'ውን ተፈልጠ።[3]

ንቤተ ክርስቲያን መርዓዊኣ፥ ነቶም ዝኣምኑ ሓላዊኦም፥ ንኪሩቤል ዝፈጠረ፥ ንሠራዊት መላእኽት ሓራሒኦም፥ እግዚኣብሔር ኣምላኽ፥ ካብ ኣምላኽ ዝኾነ ኣምላኽ። ካብ እግዚኣብሔር ኣብ ዝተወልደ ወልድ፥ ኢየሱስ ክርስቶስ ንጉሥ ዘለኣለም ንሱ እዩ።[4]

በቲ ኣብ ቤተልሔም ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ዝተወልደ፥ ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል ዘይኣምን ሰብ እንተ ኣሎ ውጉዝ ይኹን ኣሜን። ንኹሉ ሰብ ብዝበለጸ ድማ ነቶም ሕሩያቱ ዘድሓነ እዩ እሞ፥ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እግዚኣብሔር ቃል ጻድቕን ቅዱስን ንዘለኣለም ኣለም ሕይወትን እዩ። ናይ እግዚኣብሔር ቃሉ እዩ፥ ናይቲ ዝወለዶ ኣብ፥ ናይ ባህርይ ህላዌ ኣለዎ፥ ናይ ቅዱስ ወልድ ዋኅድ ቅድሚ ምፍጣር መላኽቲ ልደቱ ክንገልጾ ዘይከኣለና እዩ። ከመይ ከምቲ ነቢይ ሓደ "እኳ ልደቱ ክፈልጥ ኣይክእልን እዩ" ዝበሎ እዩ።[5]

ሥጋ ዘይነበሮ እግዚኣብሔር ቃል ናባና መጸ፥ ብፍቓዱ ድማ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ሥጋ ለበሰ። እቲ ዝተዋሃዶ ሥጋ ከኣ ነፍሲ፥ ልቦና ዘለዎ እዩ። ማሕተም ድንግልናኣ ከየርሐወ'ውን ከም ኲሉ ልደት ደቂ ሰብ ካብኣ ተወልደ። በጭርቕቲ ጠቕለልዎ። ኣብ መልዒ ማል ከኣ ኣደቀስዎ። እቲ ኹሎም መላእኽቲ ሰማይ ዘመስገንዎ እዚ እዩ። ንሱ ሥጋ ዝተዋሃደ፥ መልክዕ ሰብ ዝወሰደ ኣምላኽ እዩ። ምስ ደቂ ሰብ ኮነ፥ ሰምዐ፥ ተኣዘዘ፥ ክሳዕ ሞት ድማ በጽሐ። ሞቱ'ውን ኣብ መስቀል ነበረ። እቲ ብሥጋ ዝሞተ ጎይታ ኽብረ፥ ብሞቱ ንሞት ዘጥፍኣ፥ ንሕይወት ከትበርህ ዝገበረ፥ ብሥልጣኑ ከኣ ምእንተ ኲሉ ሰብ ንነፍሱ መድኃኒት ገበረ።[6]

ገብርኤል መልኣኽ ከኣ ብግልጺ "እቲ ካባኺ ዝውለድ ቅዱስ እዩ፥ እናበላ

[3] ዘሄሬኔዎስ፯፡፰ - ፲፫/7፡8 - 13።
[4] ዘሄሬኔዎስ ፲፰/18

[5] ዘአትናቴዎ፳፭፡፴፫ - ፴፬/25፡33 - 34።
[6] ዘአትናቴዎ፳፭፡፴፯ - ፴፱/25፡37 - 39።

ኣበሠራ፥ ከምኡ ዝበለ ድማ እቶም ዓያሹ እቲ ካብኣ ዝተወልደ ካብኣ ኣይኮነን ካብ ደገ ዝመጸ ሥጋ ናብኣ እትዩ ዝሓደራ እዩ ኢሎም ከይሕእሰቡ እዩ። ንሕና ግና እቲ ካብኣ ዝተወልደ ብሓቂ ካብ ህላዌ ሥጋኣ እዩ ዝተወልደ ኢልና ኢና እንኣምን።[7]

ሉቃስ'ውን ገብርኤል መልኣኽ ናብ ሓንቲ በይና ዘላ ድንግል ተላእከ ኣይበለን። ናብ ሓንቲ ዮሴፍ ዝስሙ ሰብኣይ ዝተሓጽየት ድንግል ተላእከ እዩ ዝበለ። ሕጽይቲ ሰብኣይ ብምባሉ እግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ብሓቂ ጓልኣንስተይቲ ምዃና ከግህድ ኢሉ እዩ። ከም ብሓድሽ ቅዱስ መጽሓፍ፥ ንሳ ወዲ ከም ዝወለደት በጭርቅቲ'ውን ከም ዝጠቕለለቶ ኣዘንተወልና። እተን ብድንግልና ኣጥብየን ዘዕበያኦ ኣጥባታ ድማ ተመስገና። ከምኡ'ውን እቲ ኣብ ሕጊ ሙሴ ዝተጻሕፈ ምእንቲ ክፍጸም ምእንታኡ መሣእቲ ኣቕረቡ። ስለዚ እዚ እግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ምውላዳ ዘረድእ እዩ።[8]

ኣብ ቅድሚ እግዚአብሔር፥ ሥጋ ካብ ምልባስ ዝበልጽ እንታይ ድኽነት ኣሎ፧ ግናኸ ንሱ፥ ንጉሥ ነገሥታትን ጐይታ ጐይቶትን ክንሱ፥ ከማና ሰብ ክኸውን ኣብ ዝወረደሉ ጊዜ መልክዕ ባርያ ብምልባሱ፥ ካብ እግዚአብሔርነቱ ኮቶ ኣይነኣሰን። ነቲ ንምድሪ ዝፈርዳ፥ እቶም ብወለዶ ንበልጽ ኢና ዝብሉ ተጠቓቐሱሉ፥ እቲ ጐይታ ኵሉ ፍጥረት ብሥጋ ምስ ተወልደ ዝሕእድረሉ ቦታ ኣይረኸበን። እንታይ ድኣ ኣብ መብልዒ ማል ኣደቀስዎ።[9]

ካብ ሰማይ ምስኡ ሥጋ ኣየውረደን። እንታይ ድኣ ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ፥ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲተ ኣምላኽ ሥጋ ወሰደ። ግናኸ ብእኡ ድኣ ተዋሃደ።፡ ብዘይምፍልላይን ብዘይምልዋጥን ብዘይምድብላቕን ከኣ ምስኡ ሓደ ገበሮ።[10]

[7] ዘአትናቴዎስ፴፡፳፭/30፡25
[8] ሃይ. ኣበው ዘአትናቴዎስ፴፡፳፪-፳፬/30፡22-24
[9] ሃይ. ኣበው ጎርጎርዮስ፴፭፡፴፩-፴፪/35፡31-32
[10] ሃይ. ኣበው ዘሳዊሮስ፹፬፡፲፪/84፡12

## ዘወረደ - ፩

ስለዚ ድማ ድንግል ማርያም ወላዲተ ኣምላኽ እያ ኢና እንብል። ከመይ ንሳ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ጠኒሳ ወለደትልና። ካብ መለኮትን ካብ ሰብነትን ካብ ክልቲኡ ሓደ ዝኾነ ዝፈለጥናዮ ንሱ በይኑ ኣማኑኤል እዩ። ሓደ ወልድ፣ ሓደ ጐይታ፣ ሓደ ክርስቶስ፣ ሓደ መልክዕ፣ ሓደ ኣካል፣ ሓደ ህላዌ እዩ። እቲ ሰብ ዝኾነ እግዚአብሔር ቃል ከምዚ እዩ ኢና እንብል። ብድሕሪ ተዋህዶ ብዝኾነ ነገር ምልዋጥ ወይ ምትሕውዋስ፣ ምፍልላይ ኣሎ ኣይንብልን ኢና።[11]

ብፍጹም ተዋህዶ ድማ ኣብዚ ዓለም ን፭፻ ዓመትን ፻ ወርሕን ብዘይካ ሓጢኣት ሰብ ክሓልፎ ዘለዎ ናይ ሕይወት መድረኽ ሓሊፉ ኣብ መወዳእታ ከኣ እተን ኣብ ገነት ዝተንቀሳቓሰ ኣእጋር፣ ንኣዳም ዝፈጠራ ኣእዳው በቶም ዝፈጠሮም ደቂ ኣዳም ዝኾኑ ኣይሁድ ተሸንከረ። ዘይምወት ኣምላኽ ብዝተወሃሃዶ ስጋ ሞተ። ብኣምላኻዊ ስልጣኑ ድማ መግነዝ ፍትሑለይ፣ መቓብር ክፈትሉይ ከይበለ ካብ ምዉታን ተፈልዩ ተንስአ። ብሞቱ ንሞትና ደምሲሱ፣ ብትንሳኤኡ ድማ ተስፋ ትንሳኤ ሂቡ ናብ ሰማይ ዓረገ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ብክበበ ትስብእት ብግርማ መለኮት ብቅዱሳን መላእክት ተዓጂቡ ንፍርዲ ክመጽእ ኢዩ። ስለዚ በዛ ቀዳመይቲ ሰንበትን ኣብዚ ሰሙን እዚ ውሽጥን ዝንበቡ ንባባት ኮነ መዝሙራት ስለ እግዚኣብሔር ወልድ ሰብ ናይ ምኳኑ ምስጢር፣ንድሕነት ሰብ ክብል ዝረኸቦ መከራን ስቅያትን ዝገልጹን ዘጠቓልሉን ኢዮም (ዮሐ.5፣3-6።ዮሐ.6፣62።ማቴ.3፣17።ራእ.2፣8። ማር.14፣60-62. እብ13፣7-17፣፣ያዕ4፣6-መፈ፣፣ግ.ሐዋ25፣13-መፈ፣፣ዮሐ3፣10-25(መዝ2፡11)

ክርስቶስ ኣምላኽና ዝጸሞ ጾም ከምቲ ወንጌል ገሊጽዎ ዘሎ ፵/40 መዓልትን ፵/40 ለይትን ኢዩ። እንተኾነ ግን ኣብዚ ኣርብዓ ጾም ኢልና እንጸሞ ጾም ጠቕላላ ብዝሒ መዓልታት ፶፭/55

[11] ሃይ.ኣበውዘዲዮናስዮስ ፺፫፡፬/93፡4

ኢዩ። እቲ ዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልታት ካበይ ዝመጸ ኢዩ፧ ንዝብል ሕጽር ብዝበለ ነዚ ዝስዕብ ይመስል። ልዕል ኢሉ ከም ዝተገልጸ፣ ኣብ ውሽጢ እዚ ዓቢይ ጾም ብጠቕላላ ፰/8 ሰናብቲ ከምኡ ከኣ ፯/7 ቀዳምን (፲፭/15 መዓልታት) ኣለዋ።። በዘን ዕለታት እዚኣን ሰባት ብዘይ እቶም ኣብ ግዜ ጾም ዝተኸልከሉ መግብታት፣ መግቢ ዝብልዓሉ ሰዓታት ቅዳሴ ድሕሪ ምውድኡ ምዃኑ ኣየማትእን። እዚ ማለት ከምተን ካልኦት መዓልታት (ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ዘለዋ መዓልታት) ነዊሕ ሰዓታት ዝጽወመለን ኣይኮናን። ናይዘን መዓልታት እዚኣተን መተካእታ ድማ ንጸውም። ነተን ፲፭/15 መዓልታት ምስ እነግድለን ፵/40 መዓልታት ይኸውን። ከምኡ ከኣ ኣብ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ዝንገር ታሪኽ ስለ ቅዱስ መስቀል ዝተፈጸመ ታሪኽ ኣሎ። ድሕሪ ናይ ክርስቶስ ዕርገት ኣይሁድ ካብ ቅንኣት ተላዒሎም ንቕዱስ መስቀል ቀቢሮም ኣብ ልዕሊኡ ጓሓፍ ከም ዝጓሓፍ ገበሩ። ብመጠን ብዝሒ ናይቲ ጓሓፍ ከኣ ጎቦ ኮነ። በዚ ምኽንያት ክቡርን ቅዱስን መስቀል ንኣስታት ፫፻/300 ዓመታት ዝኣክል ጠፊኡ ነበረ። መስቀል ተሰዊሩን ተቐቢሩ ንኽይጠፍእ ግና ክርስቲያናዊ ንጉስ ቆስጦንጢኖስ ኣተንስአ። ኣብ ዘመነ ክርስቲያናዊ ንጉስ ብመሪሕነት ቅድስት ኣዲኡ ንግስቲ ኢለኒ ቅዱስ መስቀል ካብቲ ጠፊእዎ ዝነበረ ቦታ ወጺ። እንተ ኾነ ግን ሰይጣን ክፉእ ካብ ምስራሕ ስለ ዘይዓርፍ ፋርሳዊ ንጉስ ናብ ግብጺ ወሪዱ ናብ ኢየሩሳሌም ደየበ። ቅድስት ኢለኒ ዝሰርሓቶን ዝሃነጸቶን ቤት መቕደስ ኣትዩ ድማ ንቅዱስ መስቀል ንኽልተ ዲያቆናት ኣሰኪሙ ናብ ዓዱ ወሰዶ። ታሪኽ መስቀል ከይንገር ዳሕራይ ዘመን ከኣ ንኸይወጽእ ነቶም ኣሰኪሙ ዝወሰዶም ክልተ ዲያቆናት ነቲ መስቀል ጉድጓድ ኣኽዒቱ ንዓኣቶም ከኣ ቀተሎም። እዚ ክፍጸም ከሎ ግና ምስቶም ዝተማረኹ እብራውያን ዝተማረኸት ሓንቲ መእንሰይ ኣብ መስኮት ናይቲ ከም ኣገልጋሊት ኮይና ተዓጽያቶ ዝነበረት መንበሪ ኮይና ትዕዘብ ነበረት። እንታይን ከመይን ከም ዝተገብረ ከኣ ተስተወዕል ነበረት። እዚ

## ዘወረደ - ፩

ምስ ተፈጸመ ስለ ናይ መስቀል ምጥፋእ፣ ብናይ ፋሪስ ንጉስ ምውሳዱን ናይ ሮም ንጉስ፣ ንጉስ ሕርቃል ሰምዐ። ሰራዊቱ ኣኽቲቱ ከኣ ከምንግስቲ ኢለኒ ንቅዱስ መስቀል ካብ ዝተሓብኣሉ ካብ ፋርስ መለሶ። ምምላስ መስቀል ብንግስቲ ኢሌኒ ከምኡ ከኣ ብሕርቃል ንጉስ መጋቢት ፲/10 ነበረ።
ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ንንጉስ ሕርቃል ኣብ ልዕሊ ዘይመስቀላውያን (ጸረ መስቀል) ሓይሊ ዝሃበ ንዓና እውን ኣብ ልዕሊ ሰይጣንን ሰራዊቱን ሓይልን ብርትዐን ክህበና፣ ንሰይጣንን ሰራዊቱን እንስዕረሉ ጾም ስለ ዝኾነ ጸላኢና ሰይጣን ከርሕቐልና፣ ኣብ ፍቅሪ መስቀል ከጽንዓና፣ በረኸተ መስቀል፣ ሓይሊ መስቀል ኣይፈለየና እንዳ በለት ነዚ "ጾመ ሕርቃል" እትጽወም ትንበር ኣላ።

ሕርቃል ንጉስ ጾይሙ ኣብ ልዕሊ ጸረ መስቀል ከም ዝተዓወተ፣ ንሕና እውን ዘወትር ኣብ ልዕሊ ጸረ መስቀል ዝኾነ ሰይጣን ተዓዊትና ክነብር መታን እዚ ተሰርዓልና። ብርግጽ እውን ነዚ ጾም እዚ ብእምነት ንዝጸውም ዘበለ ኩሉ ንሰይጣንን ሰራዊትን ይስዕር፣ መንፈሳዊ ሓይሊ ረኺቡ ከኣ ይነብር።

(መወከሲ ፦ ሃይማኖት ኣበው (ግእዝን ትግርኛን)፣ ትርጓሜ ኣርባዕተ ወንጌል ከምኡ ከኣ ሸውዓተ ምስጢራት ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ምስ ዓምደ ሃይማኖት (ገጽ90—98)፣ ፍኖተ ጾም (ገጽ 1-24) ብቤት ትምህርቲ ሰንበት ኣቡነ ተክለሃይማኖት ተልኣቪቭ (እስራኤል))

ስብሐት ለእግዚአብሔር

ወለወላዲቱ ድንግል

ወለመስቀሉ ክቡር

ኣሜን።

2022/02/27 (፳-፮-፳፻፲፬ግ)